ዝኸበርኩም ወለዲ

ዉላድኩም ምስ መማህርቱ ብምኺን ነቲ ናይ ብሽክለታ ፈተና ኣካይዱ። ኣብኡ ከኣ ትምህርቲ ብዛዕባ ሕግታት ትራፊክ ተማሂሩን ናይ ቃል ፈተና ኣካይዱን። ኣብኡ ንሓድሕዶም ኣብ ጽርግያ ከመይ ከም ዝዝዉሩ ዉን ክዕዘቡ ክኢሎም።

ኣብ ዕድመ ኩትትና ዘለዉ ብፍላይ ንትራፊክ ዝተቓልዑ እዮም

ፈተነ ብሽክለታ ኣብዚ እዋን ኣድላይ እዩ፣ ምኽንያቱ ውላድካ ናብ ትራፊክ ሐደጋ ናይ ምእታው ዕድሉ ኣብ ዕድመ ኩተት ምስ በጽሐ ስለዝውስኽ ። ኣብ ዕድመ ኩትትና ዘለዉ ቆልዑ ምስ ኣብ ዕድመ 6 ዝርከቡ ቆልዑ ክወዳደሩ ከለዉ ብ 10 ዕጽፊ ዝያዳ ሓደጋ ብሽክለታ ምፍጣር ተኽእሎ ኣለዎም። ስለዚ ኢና ኣድህቦና ኣብ ዉሕስነት ንኣብ ዕድመ ኩትትና ዘለዉ ጌርና፣ ንስኻትኩም ስድራቤት ዓቢ ተራ ኣለኩም ።

ምስ ዉላድኩም ብዛዕባ ድሕነት ትራፊክ ተዘተዩ

ወላ ኣኳ እዞም ተማሃሮ ፈተነ ብሽክለታ እንተካየዱ፣ እዚ ማለት ዉላድኩምን ኣብ ዉሑስ ናይ ምዝዋርን ኩሉ ይኽእልን ማለት ኣይኮነን። ከም ወላዲ ናትካ\ኪ ድጋፍ ሕጅውን የድልዮ እዩ!

ዉላድኩም ኣብ ጽርግያ ከመይ ጌሩ ብሽክለታ ክዝዉር ከም ዘለዎ መደብ ክህልወኩም/ክትሰማምዑ ምኽኣል ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ንኣብነት ቆቢዕ ናይ ብሽክለታ ምጥቃም ኣብ ግዜ ብሽክለታ ምዝዋር ሕጊ ከተዉጽኡ ትኽእሉ ከምኡ ዉን ኩሉ ግዜ ብሽክለታ ኣብ ዝዝወረሉ ሞባይል ኣብ ጁባ ክቕመጥ ትሰማምዑ።

ካልእ ብዙሕ ጠቃሚ መምርሒታት ከመይ ጌርካ ብዛዕባ ትራፊክ ምስ ዉላድካ ክትረዳዳእ ከም እትኽእል ኣብዚ sikkertrafik.dk/teenager መርበብ ክትዕዘቡ ይከኣል

ጽቡቅ ናይ ምዝዋር ግዜ!

ምስ ብዙሕ ሰላምታ

ጨንፈር ዉሕስነትን ምኽርን ተሽከርከርቲ